## ናይ ሓዘን መግለጺ

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ደግሓኤ ትማሊ ማዓልቲ 06 መስከረም 2018 ገዲም ነባር ተጋዳላይ ሓምድ ማሕሙድ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሱዳን ምስውኡ ምስ ሰምዐ መሪር ሓዘን ተስሚዕዎ።

ገዲም ሓርበኛ ተቓላሳይ ሓምድ መሓሙድ ካብ ዕድመ ንእስነቱ ኣትሒዙ ብልዑል ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ተወዲቡ ሃገራዊ ጉብኡ ክፍጽም ድሕሪ ምጽናሑ 1965 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ።ተጋዳለይ ሓምድ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣባል ፍጻሚት ሽማግለ ኣብ ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ከኣ ኣባል ስውራዊ ባይቶ ኮይኑ ኣብ ዝተፋላለየ ጽፍሕታት ናይ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፋት፡ ክሳብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ተደፊኣ ዝወጸትሉ ግዜ ሓላፊ ብርጌድ 69 ኮይኑ ሃገራዊ ጉብኡ ዝፈጸመ ሓርበኛዊ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ዝተፋላለዩ ውድባት ድሕሪ ምፍልላያ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ክጋደል ድሕሪ ምጽንሑ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ውን እንተኾነ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ተጋድሎ ናቱ ኣስተዋጽኦ እናገበረ ጽኒሑ ኢዩ። ኣብ ዝደሓሩ ዓመታት ብዝሓደሮ ሕማም ዋላኳ ካብ መሪሕነት ክወጽእ እንተተገደደ ምስቲ ኩሉ ስቓዩ ሃሙን ቀልቡን ኩሉ ኣብ ቃልሲ'ዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ተጋዳለይ ሓምድ ምሉእ ዕድምኡ ንቃልሲ ዝተወፈየ ሉሉይ ሓርበኛዊ ተቓላሳይ ምንባሩ ህያው ምስክር'ዩ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ደግሓኤ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳለይ ሓምድ ማሓሙድ መሪር ሓዘን እናተሰመዖ ንመላእ ስድራ ቤቱን ኣዕርኹቱን ንመላእ ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ደግሓኤ

7 መስከረም 2018